# ምጅማር ትምህርቲ

ቈልዓ ካብ እታ 6 ዓመት ዝረገጸላ ዕድመኡ እዩ ትምህርቲ ዝጅምር። ትምህርቲ ድማ ኣብ ነሓሰ እዩ ዝጅምር። እቲ ቈልዓ ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ እዩ ዝመሃር።

ኵላቶም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝጅምሩ ቈልዑ ካብ ገዛኦም እንተ ነውሐ ክልተ ኪሎ ሜትር ርሕቀት ኣብ ዘሎዎ ቤት ትምህርቲ ናይ ምምሃር መሰል ኣሎዎም። ኣብ ውሽጢ ክልተ ኪሎ ሜትር ዝርሕቀቱ ከባቢ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ዝህሉዋ፡ ውላድኩም ናብ ገዛኹም ቀረባ ካብ ዝኾና ኣርባዕተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ሓንቲ ናይ ምምሃር መሰል ኣሎዎ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኳንና ግን ውላድኩም ኣብ ኣየነይቲ ቤት ትምህርቲ ክማሃር ከም ዝኾነ ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ንኣብነት ናብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ክንደይ ዝኣኽሉ ተማሃሮ ክመሃሩላ ይደልዩ ወይ ድማ ክንደይ ዝኣኽሉ ተማሃሮ እዮም እታ ቤት ትምህርቲ ቀረባኦም ኣብ ዝብል ክምርኰስ ይኽእል እዩ።

ውላድኩም ኣብ ኣየነይቲ ቤት ትምህርቲ ክማሃር ትደልዩዎ ክትብህጉ ወይ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ዝደለኹመን ኣብያተ ትምህርቲ ክትምነዩ ወይ ክትብህጉ ትኽእሉ ኢኹም።

ንሓንቲ ቤት ትምህርቲ ደሊኹማ ወይ ድማ ብሂግኩማ ማለት ግን ውላድኩም ብርግጽ ኣብዛ ዝተመነኹማ ቤት ትምህርቲ ክማሃር እዩ ወይ ድማ ቦታ ክረክብ እዩ ማለት ኣይኰነን።

**ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ባህጊ ምርጫኹም ካብ ጥሪ 15 - ለካቲት 15 ክትገብሩዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

እቲ ውላድኩም ክልተ ኣለይቲ ማለት መጉዚት ምስ ትህልዉዎ ነቲ መመልከቲ ክልተኹም ከተጽድቑዎ ከም ዘለኩም ኣስተውዕሉ ኢኹም። እንተ ዘይኰይኑ ግን ኣይከገልግልን እዩ።

ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ማለት ኣብ [www.goteborg.se/onskaskola](http://www.goteborg.se/onskaskola) ከተንብቡ ከምኡ ድማ ባህጊ ናይ ቤት ትምህርቲ ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህሉወኩም፡

ብቑጽሪ ቴለፎን: 031-365 09 60 ከምኡ ድማ

ብኢመይል: [grundskola@grundskola.goteborg.se](mailto:grundskola@grundskola.goteborg.se) ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።